# ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን

ኣገልግሎታዊ ስራሕ ክትሰርሕ ትደሊ'ዶ?
ኣብ መጻኢ እዋን ናትካ ትካል ክትከፍት'ዶ ትምነ?
ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወዲእካ፡ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር'ዶ ትደሊ?
ወጻኢ ኬድካ ክትመሃር ወይ ክትሰርሕ ትደሊዶ?
ምስ ካልኦት እንዳሰራሐካ ናትካ ፍሉይ ክእለት ክህልወካ'ዶ ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን መታን ናትካ ትካል ክትጅምር ወይ ኣብቲ ንዓኻ ዘገድስ ኣገልግሎታዊ ስራሕ ክትዋፈር ክትክእል ብዛዕባ ኣገልግሎት፡ሓላፍነት፡ ቁጠባ፡ ምምሕዳር፡ ቁጠባን ትመሃር። ከም ኢኮሎጂን ነባሪ ዕቤትን ዝኣመሰሉ ሕቶታት ኣልዒልካ ትዝቲ። ምስ ካልኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ትምህርቲ ተቐስም።

ጨንፈር ሆቴልን ሬስቶራንትን ዓለም-ለኻዊ'ዩ። ፍልጠት ቋንቋን፡ ሌላን፡ ርድኢትን ኣብ ካልኦት ባህልታትን ምስ ዝህልወካ ድማ ፕሮግራም ህንጻ ምስ ወዳእካ ወጻኢ ኬድካ ናይ ምስራሕን ወይ ምምሃርን ጽቡቕ ዕድል ይህልወካ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን እንተመሪጽካ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን ኢዩ ዝውሰን። እንተደሊኻ ትምህርትኻ ኣብ ኮለጅ ሞያ ወይ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽሎ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ኮለጅ እነተተማሂርካ ስነ-ምግበኛ (ዲየቲስት) ክትከውን ትኽእል ኢኻ። በቲ ንዓኻ ዘገድስ ኣንፈት ትምህርቲ ክትስልጥን ኣየኖት ኮርሳት ክትወስድ ከም ዝግብኣካ ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወኪስካ ሕተት።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን ምስ ወዳእካ ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ ከም ከሻኒ፡ ኣሰላፊ፡ ተቐባል-ጋሻ፡ ኣኣንጋዲ-ኣኼባ ከም ኣብነት ኪጥቀስ ይከኣል።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትን ክልተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት ኣለዋ። ምእንቲ'ዚ ኩሎም ኣብዛ ሃገር ፕሮግራም ማሕበራዊ ሳይንስ ዚመሃሩ ኪመርጽወን ይኽእሉ ማለት'ዩ። ኣብ ገለገለ ቦታታት ንመደብካ ዝሰማምዑ ሓያለ ኣንፈታት ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም። ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወከስ።

እተን ክልተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት፡

- ሆቴል - ነቶም ኣብ መዳያት ሆቴልን፡ ምስንዳእ ኮንፈረንስን፡ ምስሳይን፡ ምዝናይን ዚነጠፉ
- ሬስቶራንት - ነቶም ምግቢ ምስንዳእን ምቕራብን ዚግደሱ

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትትን እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሙያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤ/ትምህርቲ ምስ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦ'ዩ። እዚ ርክብን ሌላን ኸኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ ኣሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ፕሮግራም ሆቴልን ሬስቶራንትትን ተማሂርካ ጽቡቕ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድል ኣሎካ። እዚ ግን በቲ ዝወሰድካዮ ኣንፈት ፕሮግራም'ዩ ዝውሰን። ግብራዊ ስራሕ ተሞኩሮ እንተሎካ ድማ ዕድላትካ ብኡ መጠን ይውስኽ። ዝለዓለ ስራሕ ናይ ምርካብ ኣኽእሎ ዘለዎም ከተማታትን ቦታታት ቱሪስትን'ዮም። ናይ ስራሕ ተረኺቦ በብወቕቱ'ውን ይፈላለ'ዩ። እቲ ዝበዝሐ ስራሕ ዚርከበሉ እዋን ኣብ ሓጋይን ግዜ ዕረፍትን ወይ ከኣ ኣብ እዋን ምዕጻው ትምህርቲ'ዩ።

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image